# ዓቢ ፖለቲካዊ ጸወታን ሻውዓይ ምዕራፍ ባይቶ ጸጥታን

## 3ይ ክፍል

## ድሕረ ባይታ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ቁ.1907



**ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

ድሕረ ባይታ ናይ'ዚ ውሳነ'ዚ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ብዓይነቱ ቀዳማይ ወይ ፍሉይ ውሳነ ብምዃኑ ዘይኮነስ፡ ኣብ'ቲ ሰፊሕን ዓሚቝን ታሪኻዊ መስርሕ ኣትዩ ዝርአ ስለዝኾነ። ብኸም'ዚ ዝስዕብ ከኣ ክጽሞቑ ይከኣል ።

1. ጉዳያት ብዕምቈት እንተ ድኣ ርኢናዮም፡ ንትሕዝቶ ፖለቲካዊ ውዲታት ዘቃልዕ ብዙሕ ታሪኻዊ ሓቂታት ኣለዎም። ስለዚ ከኣ ብዘይምግናን፡ ፍጻመታት ሓቀኛ ታሪኻዊ መኣዝኖም ክሕዙ ኣለዎም። ታሪኽ ከም ዘረጋግጾ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ስዕረት ፋሽሽታዊት ኢጣልያን ምብቃዕ ካልኣይ ኲናት ዓለምን ከም ኩሎም ህዝብታት ዓለም መሰል ርእሰ ውሳነኡ ክረክብ ነይሩዎ። እንተኾነ ምምሕደር ኣሜሪካ ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን መሰል ህዝቢ ኤርትራ ብምጉዕጻጽ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1950 ብሓይሊ ምስ ኢምበራጦርያዊት ኢትዮጵያ ብጉልባብ ፌደረሽን ቆሪኑዎ። ዋሽንግቶን ነዚ ህዝብታት መጻኢ ዕድሎም ባዕሎም ክውስኑ

ዘፍቅድ ቻርተር ው.ሕ.ሃ ዝጻረር መርገጺኣ ብመገዲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሚኒስተር ናይ ወጻኢ ጉዳያታ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ ኢቢላ "ብሕጋዊ መገዲ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ግድን ኣብ ግምት ክኣቱ ነይሩዎ፡ እንተኾነ ግን ምእንቲ ስትራተጂያዊ ረብሓ ሕቡራት መግስታት ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ንኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን፡ ነዛ ሃገር (ኤርትራ) ምስ መሓዛና ኢትዮጵያ ምቑራና ኣገዳሲ ኮይኑ" ክትብል ገሊጻ።"[3]

እቲ ጉዳይ ግን ኣብ'ዚ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይነበረን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኢምበ ራጦርያዊት ኢትዮጵያ ኣብ 1962 ንፌደራላዊ ሕብረት ምስ ሰረዘቶን ንኤርትራ ሓንቲ ካብ ኣውራጃታት ኢትዮጵያ ምስ ገበረታን፡ ኣዝዩ ሕሱም ኩነታት'ዩ ገጢሙዎ። ይኹን'ምበር ህዝቢ ኤርትራ ንናይ ኢትዮትጵያ ናይ ምጽንባር ወሳነ ኢዱ ኣጣሚሩ ኣይተጸበዮን። ተቓውሞኡ ኣዊጁ። ካብ መጀመርታ ሓምሳታት ኣትሒዙ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ቃልስታት ኣካይዱ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንመንፈስን ትሕዝቶን ውሳነታቱ ንኸኽብር ጠለባት'ኳ እንተቕረበሉ፡ ፋይዳ ኣይረኸበሉን። ኩሉ ዘቕረቦ መመረንደም፡ ጥርዓናት፡ ሰላማዊ ሰልፍታትን ዝኸፈሎ መስዋእትን ዋጋ ኣይተዋህቦን። ነቲ ድሕሪ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣብ መስከረም 1961 ናብ ዕጥቃዊ ሰውራ ዝተሰጋገረ፡ ንዘውዲ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ዘነቓነቕን ንምምሕዳር ኣሜሪካ ዘጨነቐን ኤርትራዊ ተቓውሞ ንምጥፋእ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝፈጸሞ ገበናትን ግፍዕታትን ቆላሕታ ኣይተገብረሉን ።

ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመት ዕጥቃዊ ተጋድሎኡ (1961-1991) ህዝቢ ኤርትራ፡ ንናጽነቱን ሃገራዊ ክብሩን ገዚፍ መስዋእቲ ክኸፍል ከሎ፡ መግዛእታውያን ስርዓታት ኢትዮጵያ ብኸልቲኡ ናይ ምዕራብን ምብራቕን ደምበታት ማለት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ሕብረት ሶቬት ነበርን እናተሓገዙ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ጃምላዊ ህልቂትን መሬት ናይ ምብዳም ተግባራትን ፈጺሞም። ብወገን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታን ሕብረት ኣፍሪቃን (ው.ሓ.ኣ ነበር) ከኣ ርኡይ ኣሉታዊ መርገጺ ነይሩ።

ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ እቲ ዘገርም፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሓይልታት ኢትዮጵያን መሓዛኦም ሶቬት ሕብረት ነበርን ዘሕፍር ስዕረት ምስ ኣስከሞምን ናጽነት ኤርትራ ርጉጽ ምስ ገበረን፡ ፍረ ቃልሱ ምእንቲ ከየስተማቕር ኣሜሪካ

ብመገዲ ፕረዚደንት ኣሜሪካ ነበር ጂሚ ካርተርን ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ሓላፊ ጉዳይ ኣፍሪቃ ሄርማን ኮሄንን ኣቢላ ጽዑቕ ኣሉታዊ ንጥፈታት ምክያዳ እዩ። ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ'ዚ ውዲታዊ ንጥፈታቱ'ዚ ንናጽነታውን ሓርነታውን መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንምኹላፍ ሓንሳብ ፌደረሽን ጺኒሑ ከኣ ኮንፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ዝብል ፕሮጀክቲታት ከቕርብ'ዩ ተራእዩ።

እንተኾነ ግን እቲ ካብ ታሪኽ ብዙሕ ዝተማህረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንኢትዮጵያን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ዳግማይ ውዲታቶም ከተግብሩ ዕድል ኣይሃቦምን። ብክቡር መስዋእቲ ደቁ ኣብ 1991 ናጽነቱ ብቕልጽሙ ጨቢጡ። ታሪኻውን ፓለቲካውን መሰል ህዝቢ ኤርትራ ን44 ዓመታት ተመንዚዑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ1993 ብተዓዛብነት ው.ሕ.ሃ ብዘካየዶ ናጻን ርትዓውን ረፈረንደም፡ ሃገራዊ ናጽነቱ ውሑስ ገይሩ ። ኤርትራውያን ድማ ካብ 23 ክሳብ 25 ሚያዝያ 1993 ኣብ ዘካየድዎ ረፈረንደም 99.8 ሚኢታዊት እወ ንናጽነት ብምድማጽ ታሪኻዊ ቃሎም ኣስሚዖም። በዚ ድማ ነቲ ብሻምብቆ ብረት ዘረጋገጽዎ ናጽነት ኣህጉራዊ ሕጋዊ መኸተምታ ገይሮምሉ።

2. መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዶብ ኣመሳሚሉ ኣብ 1998 ኣንጻር ኤርትራ ኲናት ወሊዑ። እቲ ግጭት ናይ ብሓቂ ዶባዊ እንተ ዝኸውን ኣዕናዊ ኲናት ንምውላዕ ምኽንያት ኣይምኾነን። ምኽንያቱ ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ዶብ ምቕያር-ዋላ'ኳ ንኣተሓሳስባ ስርዓታት ኢትያጵያ ዝገዝእ እንተኾነ-ኣብቂዑ ኢዩ። ዶባዊ ምስሕሓብ ናይ ብሓቂ ነይሩ እንተ ድኣ ኾይኑ፡ ብኽልተኣዊ መገዲ ወይ ብመንጎኛ -ሳልሳይ ኣካል- ክፍታሕ ይኽእል ነይሩ። እዚ እንተ ዘይተኻእለ'ውን ብኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ምተዓጽወ። ብዝኾነ ግን ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ንመንግስቲ ኤርትራ ንምውዳቕን ኣብ ክንዳኡ መጋበርያ ዝኾኖም ሃሱሳዊ ስርዓት ኣብ ኣስመራ ንምትካልን ንኤርትራ ዳግማይ ንምጉባጥን ዝወጠንዎ ስትራተጂ ምስ ፈሸለን ንወደብ ዓሰብ ንምቁጽጻር ዝነበሮም ሕልሚ ረመጽ ተኻዕይዎ ምስ በነነን፡ ኣብ 2000 ዓ/ም ስምምዕ ኣልጀርስ ክኽትሙ ተቐሲቦም።

3. ብ15 ጥቅምቲ 2002 ኣብ መንጎ ሃገራት'ዚ ዞባ "ወግዓዊ ምትሕግጋዝ ንምፍጣር" ብዝብል ምኽኒት "ኪዳን ሰንዓ"'ኳ እንተ ተመስረርተ፡ ቀንዲ ዕላምኡ ግን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን ተነጽሎ ንምፍጣር እዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ዘካየዶ ፈተነታት ከኣ ብግብሪ ፈሺሉ ተሪፉ። ኣባላት'ቲ ኪዳን ዝኾና ሃገራት፡ ገሊኣን ስሒበን ገሊኣን ድማ ኣብ ውሽጣዊ ቅልውላወን ስለዝተሸማ፡ እቲ ኩነታት ብዝሰፍሐ መልክዑ ተለዊጡ።[4]

4. መሰርሕ ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኣብ ሕዳር 2003 ክፍጸም ይግባእ ነይሩ። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሓገዝ ምምሕዳር ኣሜሪካ ዘየሎ ሽግራት ብምፍጣር ንምምልካት ዶብ ጅሆ ሒዙዎ። ናይ ዶብ ፍልልይ ተዓጽዩ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ናይ ክልተኣዊ ዝምድና ሓድሽ ምዕራፍ ምተኸፍተ። ኣብ መጀመርታ፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብ13 ሚያዝያ 2002 ምስ ተነግረ፡ ኢትዮጵያ ብዕልልታ'ያ ተቐቢላቶ።[5] ጸኒሓ ግን ብ19 መስከረም 2003 መርገጺኣ ብምልዋጥ "ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ዘይሓላፍነታውን ውሳነ'ዩ" ብምባል ነጺጋቶ። [6] ብ24 ሕዳር 2004 ድማ ሓድሽ ሓሙሽተ ነጥቢታት ዝሓዘ ውጥን ብምውጻእ ንውሳነ ከምሽን ዶብ ብመትከል ከም እትቕበሎ እንዳገለጸት ብናይ "እንካን ሃባን" ኣገባብ ክትግበር ከም ዘለዎ ሐቢራ።[7] ነቲ ጉዳይ ከኣ ከም ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት፡ እሞ ከኣ ው.ሕ.ሃ. ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ሕብረት ኣፍሪቃን ኣብ ዝተሳተፍሉ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ስምምዕ ዝኸተማን ብመሰረት ውሳኔ ኣህጉራዊ ኮምሽን ዶብ ዶባተን ከመልከታ ዝተሰማምዓን መቓናቕንቲ ዝፍጸም ዘይኮነስ፡ ከም ንመሸጣ ኣብ ዕዳጋ ዝተዘርግሐ ኣቕሓ'ያ ክተምስሎ ፈቲና።

ኮምሽን ዶብ፡ ኢትዮጵያ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ውሳኔኡ ንኸተተግብር ባይቶ ጸጥታ ተጽዕኖ ክገብረላ ዝነበሮ ተስፋ ምስ በነነ፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሕጋዊ ናይ'ካርታ ድረታ Virtual demarcation ወዲኡዎ። ህላወ ኢትዮጵያ ኣብ'ቲ መሬት ኤርትራ ምኻኑ ዝሕብር ካርታ፡ ከእለ ዘለዎ ዘይሕጋዊ ኩነት ምኻኑ ድማ ሓቢሩ።[8] እንተኾነ ግን ኣንጻር ኤርትራ

ብኻልእ መልከዕ ኲናት ክቕጽል ስለዝተደልየ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ብሓገዝ ምምሕዳር ኣሜሪካ ናይ ኣይኲናት ኣይሰላም ሃዋሁው ፈጢሩ። እቲ መደብ ቁጠባዊ፡ ሞራላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ወተሃደራውን ፖሊቲካውን ዓቕሚ ኤርትራ ንምጽንቃቕ ዝዓለመ'ኳ እንተ ነበረ ብዘይ ፍረ'ዩ በርዒኑ። ኤርትራ ኣብ'ቲ ዝተዳለወላ መጻወድያ ኣይኣተወትን። ኮምሽን ዶብ ብ2007 ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጋዊ መኸተምታ ከም ዝተገብረሉ ዝሕብር ቅኑዕ ውሳነ ወሲዱ። ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብጂኦግራፊያዊ ማኣዝንን ሕጋዊ ካርታታትን ከም ዝተሓንጸጸን እዚ ሰነድ'ዚ ድማ ምስ ኣሃዱ ካርታ ው.ሕ.ሃ. ተዓቂቡ ከምዘሎን ኣፍሊጡ። ጎበጣ ኢትዮጵያ ንገለ መሬት ኤርትራ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ክእለ ከምዘለዎ ብምምልካት ድማ እቲ ጉዳይ ናይ ግዜ ጥራይ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ብ7 ጥሪ 2008 ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝጸሓፎ መበል 26 ናይ መጨረስታ ጸብጻቡ ከኣ፡ ስርሑ ከምዝዛዘመ ኣፍሊጡ።

ብድሕሪ'ዚ መንግስቲ ኤርትራ ብሓያል ድሌት፡ ኣዕኑድ ሓፈሻዊ ልምዓታዊ ስትራተጂ ንምቛምን ነቲ ዋጋ ዕዳጋ ዘይገብረሉ ኣካል ሃገራዊ ሕቶኡን ናይ ውሽጥን ወጻኢን ፖሊስኡን ዝኾነ ናጻ ፖለቲካውን ሉኣላውን መስመሩ ንምሕያልን፡ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ተበጊሱ። መንግስቲ ኤርትራ ሳላ ልቦናኡን ተመኩሮኡን ኣብ ሓሸውየ ኣይሰላም ኣይኲናት ስትራተጂ ኣይኣተወን፡፡ እዚ ሲናርዮ'ዚ -እቲ ዝተሓሰበ ሓሸውየ- ቀስ ብቐስ ፈሺሉ ኣብ መጨረስታ ከም ረመጽ ኣብ ልዕሊ ኣላሚኡ ተነስኒሱ። ስርዓት ኢትዮጵያ ከዕለብጥን ናይ ኣእምሮኡ ዝሰሓተ ሰብ ተግባራት ክፍጽምን ከም ዝጀመረ ዘረጋግጽ ጭብጢታት ክርአ ጀሚሩ። ካብ ዓቕሊ ጽብት ተበጊሱ ከኣ ሓንሳብ ምስ መሪሕነት ኤርትራ ንምዝታይ ናብ ኣስመራ ክመጽእ ድልዊ ምህላው ክገልጽ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ኣብ ከባቢታት ዶብ ኤርትራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናይ ቃጻ ወተሃደራዊ ስርሒታት ከካይድን መሬት ኤርትራ ጎቢጡ ክሕዝን ንትግባረ'ቲ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ክነጽግን ተራእዩ። ገና ድማ ይቕጽሎ ኣሎ።

5. ኣባላት ውሽጣዊ ጸጥታ ኣሜሪካ ብሚያዝያ 2004 ንማእከል ባህሊ ኤርትራ ኣብ ዋሽንግቶን ብምውራር፡ ብምሓዝ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ዲፕሎማሰኛ ጎነጻዊ ሓይሊ እናተጠቐሙ ብዘይሓጋዊ ኣገባብ ኣስታት ሓደ

ሚልዮን ዶላር ሃገሮምን ፍሉይ ናይ ኢምባሲ ኤርትራ ሰነዳት መንዚዖምን ዲፕሎማስያዊ ክብሪ ዝሕሉ መትከላት ስምምዕ ቬና ድማ ግሂሶምን።[9] ነዚ ዝተጠቕሰ ገንዘብ ኤርትራ ንምምላስ ዝተገብረ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት'ውን ክሳዕ ሕጂ ኣይተዓወተን። ድሕሪ'ዚ ኹሉ ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ "ንኤርትራውያን ብኣህጉራዊ ሕግታትን ቻርተሩን ንኽምእዘዙ ትምህርቲ ክህቦም'የ" እኳ እንተበለ፡ ብኣንጻሩ ግን ንኣህጉራዊ ሕግታትን ቻርተሩን ባዕሉ ክግህሶ ይርከብ። እዚ ግን ክሳብ መዓስ'ዩ ክቕጽል?!

6- ፕረዚደንት ኣሜሪካ ነበር ጆርጅ ቡሽ፡ ኣብ 2005 ንኤርትራ "ሃይማኖታዊ ጸቕጢ ከም እትገብር ገሊጹ" ነይሩ።[10] ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸለመ ምስሊ ኤርትራ ንምድዋን'ኳ እንተኾነ፡ኤርትራውያን ሃይማኖታዊ እምነታቶም ብዘየገድስ ንልዕሊ ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመታት - ኣብ ዓለምን መላእ ኣፍሪቃን መወዳድርቲ ብዘይብሉ ኣገባብ - ብሰላም፡ ስኒትን ፍቕርን ከም ዝነብሩ ኩሉ ኣብ ቀረባን ርሑቕን ዘሎ ዝፈልጠ ሓቂ እዩ። እዚ ቁርቁስ ስልጣነታት፡ ሃይማኖታትን ባህሊታትን እናባርዐ ንዓለምና ዝህውኽ ዘሎ ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ብሓሶት ንኤርትራ ከጸልም ፍጹም ዘምሕረሉ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ተኸታተልቲ ስርዓታት ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃውያንን ላቲን ኣሜሪካወያንን ዝመበቆሎም ዜጋታቶም ገና ኩሉ ዓይነት ዓሌታዊ ኣድልዎ ክፍጽሙ እዮም ዝርከቡ ዘለዉ፡

7- ኣብ 2007 ጉዳይ ዶብ ሕጋዊ መደምደምታ ከም ዝተገብረሉ ምስ ተኣወጀ፡ ኤርትራ ነቲ ኣብ ኣዕናዊ ዶባዊ ኲናት ዝጠፍአ ግዜ ንምኽሳብ ኩሉ ዓቕማ ናብ መደባት ዳግመ ህንጻ ትሕተ-ቅርጺን-ከም ናይ መሬት፡ ባሕሪን ኣየርን፡ ጽርግያታት፡ መርበባት መራኸቢታትን ኤለክትሪክን፡ ትካላት ትምህርቲ፡ ጥዕናን ቁጠባን ኣቕነዐት። ከምኡውን ትካላት መንግስቲ ከም ዝበራበር ገበረት። ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብዓሎቕ "ኤርትራ ንግብረ-ሽበራ ትሕግዝ ኣላ" ዝብል ውጹእ ሓሶት ይዝርግሕ ነይሩን ኣሎን። ምምሕዳር ኣሜሪካ ንኤርትራ ከጸልም ዝደረኾ ምኽንያት፡ ድሕሪ'ቲ ኢትዮጵያ ኣብ ታሕሳስ 2006 ኣብ ሶማል ዘካየደቶ ቅሉዕ ወራር፡ ፕረዚደንት "መሰጋገሪ ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል" ዝነበረ ሼኽ ሸሪፍ ሼኽ ኣሕመድ ዝርከቦም ገለ መራሕቲ ሶማል ተሰዲዶም ምስ መጹ ኤርትራ

ስለዝተቐበለቶም እዩ። ከምኡ'ውን ነቲ ብ6 መስከረም 2007 ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ "ጉባኤ ዳግመ ምሕራር ሶማል" ፖለቲካውን ሎጂስቲካውን ሓገዝ ብምግባሩ እዩ።

በዚ መሰረት ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ብመገዲ'ታ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ተሓጋጋዚት ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቃ ዝነበረት ጃንዳይ ፍሬዘር ኣቢሉ፡ ካብ መስከረም 2007 ኣትሒዙ ካብ ኣዲስ ኣበባን ዋሽንግቶንን ንኤርትራ ከፈራርሕን ከጉባዕብዕን ጀሚሩ። ኣብ ዝርዝር ኣስማት ናይ'ተን ምምሕዳር ኣሜሪካ ሓገዝቲ "ግብረሽበራ" ዝብለን ከም ኩባ፡ ኢራን፡ ሱዳን፡ ሶርያን ሰሜን ኮርያን ዝኣመሰላ ሃገራት ድማ ኣእቲዩዋ።

ከም ዝፍለጥ፡ ነተን ዋሽንግቶን ንግብረ-ሽበራ ይሕግዛ'የን እትብለን ሃገራት ዝብየን መቕጻዕቲ፡ ሓገዝ ኣሜሪካ ደው ምባል፡ ኣጽዋር ምግዛእን ምሻጥን ምኽልካል፡ ናብዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ዝኸይድ ሰደድ ምክትታል፡ፋይናንሳዊ እገዳ ምርግጋጽ፡ ነቶም ምስ'ዘን ሃገራት እዚኣተን ንግዳዊ ምልውዋጥ ዝገብሩ ውልቀ-ሰባትን ሃገራትን ምቕጻዕ የጠቓልል። ሕጂ'ውን ምምሕዳር ኣሜሪካ ብናይ ካሮትን በትርን ፖሊሲ ዝተሰነየ ናይ ፈኸራን ምጉብዕባዕን ኣተሓሳስባ ዝናፈቐ'ዩ ዝመስል። ጃንዳይ ፍረዘር ብ10 መስከረም 2007 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ንግብረ-ሽበራ ዝሕግዛ ሃገራት ካብ'ቲ መዝገብ ግብረ-ሽበራ ክወጻ እንተ ድኣ ኮይነን፡ ስርዓታተን ክቕየር ወይ ድማ ነቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብመገዲ ትካላት ስለያ ዝረኸቦ ሓበሬታ ዘሰርዝ፡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ምሉእ ምስ ባእታታት ግብረ-ሽበራ ከምዘይተሓጋገዛ ዘረጋግጽ መርትዖ ክህልወን ከም ዝግባእ ሓቢራ።[11]

ሓደ ካብ'ቲ ዘገርም ሓዲሽ ፖሊሲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ድሕሪ 11 መስከረም 2001፡ ጭቡጥ መርትዖታት ከይሓዘ ንሃገራት "ኣዕናዊ ኣጽዋርን ካልእን ኣለወን፡ ንግብረ-ሽበራውያን ባእታታትን 'ውድብ ኣልቓዒዳን' ይሕግዛየን" ወ.ዘ.ተ እናበለ ክሲታት ምቕራቡ እዩ። ሓሶት ኢለን ከይማጎታ ዕድል ከይሃበ ኣብ ልዕሊኣን ተጻባኢ ስጉምቲታት ስለዝወስድ ከኣ፡ ነብሰ - ምክልኻል ክገብሩ ባህርያዊ እዩ። ገለ ካብቲ ዝወሰዶ ህዉኽ ራዲካላዊ ስጉምትታት፡ ናይ ዒራቕ፡ ኣፍጋኒስታን፡ ሶማልን ካልኦት ብዙሓት ሃገራትን

ክጥቀስ ይኽእል። ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይልታት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ኣሜሪካዊ ጀነራል ዌልስ ክላርክ፡ ኣሜሪካ ነቲ ብ11 መስከረም ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈጸመ ነብሰ ቅትለታዊ ስጉምቲ፡ ኣብ ልዕሊ ዒራቕ መልሰ-ተግባር ክትህበሉ ወሲና ከምዘላ ሓደ ወተሃደራዊ መኮንን ካብ ፔንታጎን ከም ዝሓበሮ ኣቃሊዑ። "ስለምንታይ ኣንጻር ዒራቕ ኲናት ነካይድ?" ክብል ምስ ሓተቶ ድማ፡ ዝፈልጦ ምኽንያት ከም ዘይብሉ ሓቢሩዎ። "ኣብ መንጎ ሳዳምን ኣልቃዒዳን ፍሉይ ርክባት ከም ዘሎ ዘረጋግጽ ሓበሬታ ኣሎ'ዶ?" ክብል ምስ ተወከሶ ከኣ፡ "የለን" ዝብል መልሲ ሂቡዎ። "ንሕና ሓያል ሰራዊት ኣሎና። ስርዓታት ክነውድቕ እውን ንኽእል ኢና። እንተኾነ ግን ምስ ግብረሽበራውያን ከመይ ከም ንገጥም ኣፍልጦ የብልናን" ከኣ ኢሉ። "እዚ ብ20 መስከረም'ዩ ነይሩ። ሽዑ ክራኽቦ ከለኹ ነፈርትና ኣፍጋኒስታን ይድብድባ ነይረን። ኣብ ልዕሊ ዒራቕከ ኲናት ክንከፍት ዲና ምስ በልኩዎ ድማ፡ እቲ ኩነታት ካብ'ዚ ዝኸፍአ እዩ። ነዛ ወረቐት እዚኣ ካብ ላዕለዋይ ደርቢ (ቤት ጽሕፈት ሚኒስተር ምክልኻል ሮናልድ ራምስፈልድ ማለቱ'ዩ) ሕጂ ተረኪበያ። ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመት 7 ሃገራት ማለት ካብ ዒራቕ ጀሚርና ሶርያ፡ ሊባኖስ፡ ሊብያ፡ ሶማል፡ ሱዳን፡ ኣብ መጨረስታ ድማ ኢራን ክንወርር ምዃንና ድማ'ያ ትሕብር" ክብል ከም ዝገለጸሉ ኣረዲኡ። [12]

ናብ'ቲ ጃንዳይ ፍረዘር ኣንጻር ኤርትራ ዘቕረበቶ ናይ ሓሶት ክስን ጽለመን ምስ እንምለስ፡ ጀንዳይ ፍረዘር ኣብ መግለጺኣ ካብ ስነ-ስርዓት ወጻኢን መርትዖታት ብዘይብሉን ንኤርትራ ክትከስስን ከተፈራርሕን ብስዲ ኣዘራርባ ከተጉባዕብዕን ከላ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ፡ ኤርትራ "ንግብረሽበራ ትሕግዝ" ምዃና ዘረጋግጽ ጭቡጥ መርትዖት ንምርካብ ኣብ ምእካብ ሓበሬታታት ከም ዝርከቡ ሓቢራ።[13] ጃንዳይ ፍረዘር ወይ ምምሕዳር ኣሜሪካ መርትዖታት ኣብ ምንዳይ ካብ ሃለዉ፡ እቲ ኣንጻር ኤርትራ ዘቕረብዎ ክሲ ሓቅነቱ ክሳብ ዘረጋገጽ ብሕጊ ውዱቕ'ዩ ማለት'ዩ። እንተኾነ ግን ብሞንጎታዊ ሕጊ ዘይቅየድ ጠዋይ መርገጺ ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ዋላ ጭብጢ ኣይሃልዎ ባዕሉ ናጻ ኢኻ ክሳብ ዘይበለ፡ ክሱስ ኢኻ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም'ቲ ንዒራቕ ዘጋጠመ ብንጹህካ ከሎኻ'ውን ወተሃደራዊ ኣጽዋር ኣሜሪካ ክደፍነካ ይኽእል እዩ።

ሃገር ምስ ዓነወ፡ ሕብረተሰብ ምስ ተበታተነ፡ ተጋጊና እንተ በሉ'ኸ እንታይ ፋይዳ ኣለዎ። እዚ ጋድማውን ትኹላውን ናይ ምምዝዛንን ምሕሳብን ዓቕሙ ዘጥፍአ ምምሕዳር'ዚ፡ ኣብ ዓለምና ዓቢ ሰብኣውን ትሕተ-ቅርጻውን ዕንወት'ዩ ዘውርድ ዘሎ። ስለዚ ከኣ'ዮም ገለ ፖለቲከኛታት ተንተንቲ፡ ምንቅስቓስ ታሪኽ ኣብ ዋሽንግቶን'ውን እንተኾነ ኣብ ሓደ ቦታ ቀዋሚ ከምዘይኮነ ዝገልጹ። ኣብ ጥንታዊ መዋእል'ውን ግሪኻዊ ፈላስፋ ሄሪግሊስ እቲ እንኮ ቀዋሚ፡ ለውጢ ጥራይ ምዃኑ ሓቢሩ ነይሩ ።

እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም ኤርትራ ንግብረ-ሽበራ ከም ዘይትሕግዝን መዕቆቢት ጥሩፋት እስላማውያን ከምዘይኮነትን ምምሕዳር ኣሜሪካ ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጥ ምዃኑ እዩ። ብዛዕባ ኣፍልጦ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብዝምልከት ነዊሕ ከይከድና፡ ሚኒስተር ምክልኻል ኣሜሪካ ነበር ሮናልድ ራምስፌልድ ብ10 ታሕሳስ 2002 ናብ ኣስመራ መጺኡ ኣብ ዝነበረ እዋን "ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ካብዛ ንእሽቶ ኣፍሪቃዊት ሃገር- ኤርትራ -ብዙሕ ክትምሃር ትኽእል'ያ" ክብል መግለጺ ምሃቡ እኹል መርትዖ እዩ ።[14] ከምዚ ክብል ዘገደዶ፡ ኤርትራ ካብ መዓልቲ ናጽነታ 1991 ኣትሒዛ ኣንጻር ንጥፈታት ግብረሽበራውያን ኣፍጋናውያንን ዓረብን እተካይዶ ዝነበረት መኸተ ስለዝፈልጥ እዩ። ምስ'ዚ ኹሉ ግን ምምሕዳር ኣሜሪካ ሓቂ ክጭፍልቕ ስለዝደሊ፡ ወይ'ውን ንኻልእ ዕላማ ከም ኣገባብ ዝግልገለሉ ጥራይ ስለዝኾነ፡ ጭብጢ ኣብ ዝስእነሉ ግዜ'ውን ናይ ሓሶት ክሲ መስሪቱ፡ ብማዕከናት ዜና ናብ ውሁብ ኩነት ለዊጡ፡ ናብ'ቲ ዝደልዮ ውሳነ ክበጽሕ ይኽእል እዩ። ስለዚ "ንኣገባብካ ዝውስን ዕላማ'ዩ" ዝብል ሚኬቨላዊ ፍልስፍና'ዩ ዝኸተል።

8. ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ነበር ኮንደሌሳ ራይስ ብሓደ መጋቢት 2008 ናብ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዝለኣኸቶን ብ30 ነሓሰ 2011 መርበብ ዊክሊክስ ዘቃልዖን መልእኽቲ፡ "ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ብርእይቶ ኣፍሪቃውያን ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ከም ዝግደስን እዚ ዝስዕብ ምርጫታት ከምዘለዎን" ገሊጻ ነይራ።

- ንሰበ-ሰልጣን መንግስቲ ኤርትራ ካብ ናይ ወጻኢ መገሻታት ምእጋድ ።

- ናይ ገለ ሓለፍቲ ገንዘብን ንብረትን ከምኡ'ውን ካልእ ናይ ኤርትራ ገንዘብን ንብረትን ምድስካል።

- ኣብ ንግዲ፡ ወፍሪን ዕደናን ቀይዲ ምግባር።

- ናብ ኤርትራ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ከይኣቱ ምእጋድ።

9. ብዛዕባ'ቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብዲፕሎማስያውን ዜናውን መዳያት ዘውዓውዖ ዘሎ "ኤርትራ ንናይ ሶማል ምንቅስቓስ ኣልሸባብ ኣልመጃህዲን ወተሃደራዊ ሓገዝ ትህብ'ያ" ዝብል ክሲ ብዝምልከት እንተኾነ'ውን፡ ወኪል ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ው.ሕ.ሃን ኣቦ መንበር ኮሚተ እገዳን ዝነበረ ኣምባሳደር ደሚሰኒ ኮማሎ ብግንቦት 2008 ኣብ ዘቕረቦ ጻብጻብ፡ ብንጹር ኣብሪሁዎ እዩ። ኣብ'ቲ ብ22 ግንቦት 2008 ሮይተር ዝዘርግሖ ጻብጻቡ፡ ኤርትራ ነቲ ባይቶ ጸጥታ ዘሕለፎ "ምእጋድ ምልኣኽ ኣጽዋር ናብ ሶማል" ከምዘይግሃሰት ኣነጺሩ። እኳ ድኣ እቲ ጻብጻብ "ኢትዮጵያ ንፌተውታ ጉጅለታት ሶማል ዝውዕል ኣጽዋር ዝጸዓና ነፈርቲ ብ25 በረራታት ጽዕነት ናብ ሶማል ምልኣኻ ተቐጻጻሪ ጉጅለ ከም ዘረጋገጸ ኣፍሊጡ።"[15]

ልኡኽ ው.ሕ.ሃ ኣብ ሶማል ነበር ኣሕመድ ወልድ ዓብደላ ብወገኑ ብ29 ግንቦት 2009 ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ብዛዕባ'ቲ ኤርትራ ንጉጅለታት ኣልሸባብ ኣልመጃህዲን ትሕግዝ'ያ እናተባህለ ብዙሕ ዝዝረበሉ ጉዳይ ሓቅነቱ ኣይፈልጦን'የ" ክብል ኣብሪሁ።[16] ምስ'ዚ ኹሉ ግን ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ነቲ ዝደልዮ ማለት ውሳኔ ዘይፍትሓዊ እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ከሳብ ዘሕልፍ፡ መርትዖ ከየቕረበ ንኤርትራ ክኸስስን ክጸልምን ጸኒሑ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ነበር ሂላሪ ክሊንቶን ብወገና ናብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣፍሪቃ ዑደት ኣብ እተካይደሉ ዝነበረት እዋን፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ንመሰጋገሪ ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል 10 ሚልዮን ዶላር ዝወድአ 40 ቶን ኣጽዋር ከምዝሃበ ብ6 ነሓሰ 2009 ኣቃሊዓ።[17] እዚ ኣጽዋር'ዚ

ኣበይ ከም ዘበለ ከኣ ሎሚ ዋላ ሓደ ዝፈልጥ የለን። እቲ ዘሕዝን ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሶማል ኩሉ ተሳኢኑ እንከሎ፡ እታ ሃገር ንዓሰርተታት ዓመታት ብዝተኣከበ ኣጽዋር ኣዕለቕሊቓ ምህላዋ እዩ። እዚ ነቲ ኢትዮጵያ ሶማል ንኽትበታትንን ዳግማይ ኣብ ጂኦ ፖለቲካዊ ካርታ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሃገራዊ ሓድነታ ኣውሒሳ ንኸይትምለስን ብዝተፈላለየ ፈኲስን ከቢድን ኣጽዋር ከም እተዕለቕልቕ ትገብራ ዘላ ከይሓወስካ እዩ። ከምኡ እትገብረሉ ምኽንያቱ ከኣ፡ ህላወ ስምርቲ ሶማል ንሃገራዊ ጸጥታኣ ከም ሓደጋ ስለእትርእዮ እዩ። እዚ ኹሉ እናገበራ ኸኣ፡ እተን ንውሳኔታት ባይቶ ጸጥታ ብቐጻሊ ዝግህሳን ኣብ ልዕሊ ሶማላውያን ገበናት ዝፍጽማን ዘለዋ መንግስቲ ኢትዮጵያን ምምሕዳር ኣሜሪካን ብሓሶት ንኤርትራ ከጸልማ ይርከባ። ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ኣማእት ሶማላውያን ከም ዝሞቱ፡ 500 ሽሕ ናብ ጎረባብቲ ሃገራትን ስግር ባሕሪታትን ከም ዝተሰዱ፡ ሓደ ሚልዮንን ፈረቓን ድማ ኣብ ሃገሮም ተመዛቢሎም ምህላዎም፡ ካልኦት ሰለስተ ሚልዮንን 200 ሽሕን ድማ ብጥሜት ሓደጋ ሞት ኣንጸላልዩዎም ከም ዘሎ ተኣሚኑ እዩ። ባዕላቶም ከም ዝተኣመንሉ ከኣ፡ ውጽኢት ፖሊሲ ኣሜሪካን ኢትዮጵያን ኣብ ሶማል እዚ እዩ። ገና ተሓቢኡ ዘሎ ተግባራቶም ድማ ዝኸፍኣን ዘስካሕክሕን እዩ።[18]

10. ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ  ብሰነ 2009 ኣብ ዝኸተሞ ውሳኔ ቁ.1349፡ ኤርትራ "ሓንቲ ካብ'ተን ንግዲ ደቂ ሰብ ዘካይዳ ሃገራት" ምዃና ገሊጹ ኣሎ። እዚ ድማ ሓደ ካብ'ቲ ተኸታተልቲ ስርዓታት ምምሕዳር ኣሜሪካ መርትዖታትን ጭቡጥ ሓበሬታን ከይሓዙ ዘቕርብዎ ሓሶታት እዩ። በዚ መዳይ'ዚ  ስልጣን ዋሽንግተን ዝሓዙ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኣሜሪካ ንመንእሰያት ኤርትራ  ዝተፈላለየ ኣገባባትን ስሓቢ መብጽዓታትን እናተጠቕሙ ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ካብ ሃገሮም ክስደዱ ጻዕርታት ኣካይዶም ኢዮም። ከም ዝፍለጥ ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት፡ ብሕዳር 2009 ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዝነጸጉ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ክሳብ 10 ሽሕ ናብ ኣሜሪካ "ፖለቲካዊ ዑቕባ" ክህቦም ከም ዝወሰነ ሓቢሩ እዩ። እቲ ዕላማ ንኤርትራ ብዘይመንእሰያት ንምትራፋን ፖሊሲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ነብሱ ዝምርኮስ ሃገራዊ ዜጋ

ኣብ ምህናጽ ዘለዎ ልዑል ተራ ስለዝተገንዘበ ኸኣ ንምትዕንቃፉን ምኺኑ ርዱእ እዩ።[19]

11. ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ብመሰረት'ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዘሕለፎ ብይን መስርሕ ምምልካት ዶብ ምእንቲ ከየሰላስል ብሓደ ወገን፡ ባይቶ ጸጥታ'ውን ኣብ ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተራኡ ንኸይጻወትን ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ብመሰረት ምዕራፍ 7 ቻርተር ው.ሕ.ሃን ዓንቀጽ 14 (ሀ) ናይ'ቲ ብ18 ሰነ 2000 ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝተኸተመ ስምምዕ "ምቑራጽ ተጻብኦታት" ቀጻዒ ስጉምቲ ንኸይውሰደሉን ከኣ በቲ ካልእ፡ ዝተፈላለየ ዕንቅፋታት ኣካይዱ እዩ። እቲ ዝወሃብ ምኽንያታት ከኣ፡ ኢትዮጵያ ምእንቲ ቕሳነት'ቲ ዞባ ዘይትግደፍ መሓዛ'ያ፡ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዝምልከት ድማ ከም'ቲ መርበብ ሓበሬታ ውክሊክስ ብ3 ለካቲት 2011 ዘቃልዖ፡ ብ18 ሕዳር 2009 መዛዘሚ ንኸይግበረሉ ከም ዝደስከለ ምስጢራዊ ሰነዳት ኣሜሪካ ሓቢሩ እዩ።

እቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ንኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዘስገደደሉን ሊብያ ምሉእ ብምሉእ ዝነጸገቶን ውሳኔ 1907፡ በዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ 6 ረቛሒታት ዝመጸ ዘይኮነስ፡ ካብ ናይ ኣሜሪካን፡ ውጥናታን ኣጀንዳኣን ስትራተጂታታን ዝትግብራ መጋበርያ ዝኾና ሃገራትን ፖሊሲ ዝብገስ እዩ። ኣሜሪካ ኣንጻር ኤርትራ እትኽተሎ ፖሊሲ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ጸሚቝካ ክቐርብ ይኽእል።

1. ንድልዱል ሃገራዊ ሓድነት ኤርትራ ብመገዲ ሃሱሳቶምን መጋበርያታቶምን ንምብታን፡ ብውሽጢ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ቀቢላውን እንዳውን ፍልልያት ብምፍጣር ቀታሊ ስጉምቲ ምውሳድ ኮይኑ፡ ንሃሱሳቶም ብገንዘብ እናገዝኡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስን ቁርኣንን ዘየለ ሃይማኖታዊ ሰብከታት ይዝርግሑ።
2. ነቲ ኣብ ሃገርና ውሕስነት መግቢ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ዓንድታት ቍጠባዊ ስትራተጂ ሓፈሻዊ ቍጠባዊ ትንሳኤ ዘረጋግጽ ቍጠባዊ ፖሊሲ ኤርትራ ንምፍሻል ቀጻሊ ጻዕርታት የካይዱ። ስለዚ ድማ ከይሓፈሩ ንመትከል ርእሰ-ምርኮሳ ብምቅዋም፡ ከም ግጉይ

ምርጫ ገይሮም ይገልጽዎ።ኤርትራ ነቲ ብቕድመ-ኩነቱ ኢድን እግርን ጥራይ ዘይኮነ ኣእምሮን መንፈስን ከይተረፈ ዝቕይድ ናይ ወጻኢ ሓገዛት እንተ ድኣ ዘይተቐቢላ፡ ንባህጊታት ኤርትራዊ ዝምልሽ ቁጠባ ክትሃንጽ ዓቕሚ የብላን እናበሉ ከኣ ናይ ምጥርጣር ፕሮፓጋንዳ ኣብ ምዝርጋሕ ተዋፊሮም። በዚ መዳይ'ዚ እተን መሳርሒ ምምሕዳር ኣሜሪካ ዝኾና "ዘይመንግስታውያን ገበርቲ ሰናይ ውድባት" ዝበሃላ፡ ኤርትራ ካብቲ ንሃገራት ሳልሳይ ዓለም ኣብ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ጥራይ ከም ዝነብራ ዝገብር ምዕራባዊ ፖሊሲ ወጺኣ፡ ናጻ ዝኾነ ቁጠባ ንምህናጽ ዘይተቖጠበ ጻዕሪታት ኣብ ምክያድ ስለእትርከብ፡ ኣንጻራ ዜናዊ ዘመተ ከካይዳ ጸኒሐንን ኣለዋን። እዘን ማሕበራት እዚኣተን ዝህብኦ ሓገዝ ኣብ መብዛሕትኡን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ካብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ፈጢሩዎ ዘሎ ሽግር ድማ ርኣዩለይ ዘድልዮ ኣይኮነን። ኣሉታዊ ተራ ዋሽንግተን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ግን ኣብዚ ጥራይ ዝተወሰነ ኣይኮነን። ንሽም በዓል ኣህጉራዊ ባንክ፡ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብን ካልኦት ውድባትን ፋይናንሳውያን ትካላትን እውን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ፋይናንሳዊ ከበባ ንኸካይዳ ኣንቀሳቒሳተን እያ። "ኣብ ኤርትራ ግብረ-ሽበራዊ ንጥፈታት ስለ ዝካየድ ንወፍሪ ምችእቲ ኣይኮነትን" እናበለት እተካይዶ ፕሮፓጋንዳ ተቐባልነት ምእንቲ ክረክብ ድማ መጋበርያኣ ዝኾኑ ሃሱሳት ግብረ-ሽበራዊ ንጥፈታት ንኸካይዱ ክትልእኽ ጸኒሓ እያ። ከም ዝፍለጥ ናይ ኢማራት መዓልታዊት ጋዜጣ፡ "ኣልኸሊጅ" ምምሕዳር ኣሜሪካ ብመገዲ ትካል ስለያ(ሲ.ኣይ.ኤ) ኣቢሉ ምስ ኤርትራውያን እስላማውያን ግብረ-ሽበራውያን ጉጅለታት ዘለዎ ዝምድና ብዝምልከት ሓደገኛ ሓበሬታ ዘርጊሓ ነይራ። ኣገዳስነቱ ብምርኣይ ድማ እቲ ጋዜጣ ኢማራት ዘቕረበቶ ከምዘለዎ ንኣንበብቲ ነቕርብ።

**ቀዳማይ፡-** ልኡኽ ማእከላይ ስለያ ኣሜሪካ(ሲ.ኣይ.ኤ) ኣብ ሓንቲ ካብ ሃገራት "ምትሕግጋዝ ሰንዓ" ምስ መራሕቲ ምንቅስቓስ ኤርትራዊ እስላማዊ ምእራም ማለት "ምንቅስቓስ ኤርትራዊ እስላማዊ ጅሃድ" ነበር፡ ከምኡ

ድማ ምስ "ኤርትራዊ እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን" ማለት "ምንቅስቓስ ኤርትራዊ እስላማዊ ኸላስ" ዝበሃል ዝነበረ ተራኺቡ።

**ካልኣይ፡-** ልኡኽ ስለያ ኣሜሪካ ኣብ ጸጥታን ምምካት ግብረ-ሽበራን ዝምልከት ጉዳያት ምስ ናይ ኤርትራ እስላማውያን ጉጅለታት ተመያይጡን ርእይቶኦም፡ መርገጺኦምን ኣበርክቶኦምን ኣብ ኲናት ኣንጻር ግብረ-ሽበራ ሰሚዑን።

**ሳልሳይ፡-** "ልኡኽ ትካል ስለያ ኣሜሪካ፡ ኤርትራውያን እስላማውያን ጉጅለታት ኣብ ዝርከብሉ ቦታታት ዑደት ብምክያድ ምስ መራሕቶምን ካድራቶምን ርክባት ገይሩን ብዛዕባ እዞም ጉጅለታት እዚኣቶም ዝኸተልዎ ኣገባባትን ዝምድናኦም ምስ ጥሩፋት እስላማውያን ውድባት ኣብ ዓለምን ኣመልኪቱ ሕቶታት ኣቕሪቡሎምን።"[20]

እዚ ሓበሬታ'ዚ ባዕሉ ዝዛረብ ስለዝኾነ፡ ትንታነ ዘድልዮ ኣይኮነን። እንተኾነ ክንሕብሮ እንደሊ፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ንሱ ጽቡቕ ገይሩ ብዝፈልጦ ምኽንያታት ጥራይ ንኤርትራውያን ጥሩፋት እስላማውያን ምንቅስቓሳት ኣብ መዝገብ ኣህጉራዊ ግብረ-ሽበራ ምእታዎም ክኣቢ ጸኒሑ እዩ። እንሆ ድማ ሎሚ ኣጀንዳን ርክባትን ልኡኽ ሲ.ኣይ.ኤ ምስ ግብረ-ሽበራውያን እስላማውያን ኤርትራ ተቓሊዑ። እዚ ድማ ናይ መጀመርታን መወዳእታን ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ንመጀመርታ እዋን ዝተቓልዐ ስጉምቲ እዩ። ብድሕሪኡ ድማ ስርዓት ኢትዮጵያ ብኣፍልጦን ፍቓድን ምምሕዳር ኣሜሪካ ዓለም እናረኣየትን እናሰምዐትን ንግብረሽበራውያን ጉጅለታት ሓቑፋ ይርከብ። እቲ ምኽንያት እንተ ተፈሊጡ'ውን ዘገርም ኣይከውንን እዩ።

**ራብዓይ፡-** ምምሕዳር ኣሜሪካን መጋበርያታቱን ንኤርትራውያን መንእሰያት ካብ ሃገሮም ክሃድሙ ብምትብባዕ ግዳይ ሕሱም መነባብሮ መዓስከራት ስደተኛታትን ሞት ኣብ ሰሃራን ቀይሕ ባሕርን ማእከላይ ባሕርን ክገብርዎምን ብውሽጣዊ ኣካላቶም ክነግዱን ኣብ ዘይሕጋዊ ስራሓት ክጥቀምሎምን ንደቀንስትዮ ድማ ኣብ ዕዳጋታት ስጋዊ ርክባት ክግልገሉለንን ይርከቡ። ብዘይካ'ዚ እቶም ብምትላል ዝኸዱ ስደተኛታት ኣብ ሃገራት ምዕራብ ብዓሌትነት ይሳቐዩ ኣለው። ስለዚ ኣፍ ደገ ስደት ንኤርትራውያን መንእሰያት ናብ ኣመሪካ ንምኽፋት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ

ዘሕለፎ ውሳኔን ውሳኔ ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ ቁ.13497: ኣብ ከሊ'ዚ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እትኽተሎ ዝንቡዕን ተንኮለኛን ፖሊሲ ኣእቲኻ ዝርአ እዩ።

**ሓሙሻይ:-** ምምሕዳር ኣሜሪካ መጋበርያታቱን፡ ኣብ ሃገራት ወጻኢ ዝነብሩ ማሕበረ ኮማት ኤርትራ ንሃገሮምን መንግስቶምን ዝህብዎ ሓገዛት ደው ምእንቲ ከብሉን ምስ ሃሱሳት ኤርትራውያን ጉጅለታት ንምጽንባሮምን ናብ ስምዒታት ትሕቲ ሃገራውነት ንምሽማሞምን፡ ብመገዲ ኤርትራውያን ሃሱሳትን ከዳዓትን ጽዑቕ ጎስጓስ ኣብ ምክያድ ይርከቡ። እቲ ዕላማ ካብ ሃገሮም ንምንጻልን ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ቀቢላውን እንዳውን ቁርቁሳት ብምፍጣር ውሽጣዊ ሓድነቶም ንምፍራስን እዩ።

**ሻዱሻይ:-** ምምሕዳር ኣሜሪካን መሓዙቱን ሞራላዊ መንፈስ ህዝቢ ኤርትራ ንምቕታልን ምስ ፖለቲካዊ መሪሕነቱ ዘለዎ ታሪኻዊ ምትእስሳር ንምፍራስን፡ ነቲ ኣብ መስርሕ ህንጸት ቁጠባ ኤርትራ ዘጋጥም ንኣሽቱን ባህርያውን ሕጽረታት ኣዕብዮምን ኣጋኒኖምን ክገልጽዎ ይርከቡ። እንተኾነ ግን ህዝቢ ኤርትራ መስርሕ ዳግመ ህንጻ ቁጠባ ካብ ትሕቲ ባዶ ከም ዝጀመሮ፡ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ኣጸቢቑ ስለዝፈልጥ፡ ፈተነታቶም ፈሺሉ'ዩ ተሪፉ። ይኹን እምበር ብውሽጣዊ ዓቕሙ ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ - ቅድሚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዶብ ኣሳቢቡ ኣብ 1998 ኣንጻር ኤርትራ ኲናት ምውላዑ - ብዙሓት ወገናት ዝመስከርሉ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣረጋጊጹ እዩ። እንሆ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ንፕሮፖጋንዳን ዕንቅፋታትን ተጻባእቲ ግዲ ከይገበረ፡ ብዝለዓለ ኣካላዊ ሓይሊን ሞራልን ሓድነትን ታሪኻዊ መስርሕ ህንጸት ቁጠባኡ ይቕጽል ኣሎ።

**ሻብዓይ:-** ንቀኑጠባዊ ትንሳኤ ኤርትራ ዝጻብኡ ሓይልታት፡ ዕደና ቢሻ ኣብ 2010 ወርቂ ንሰደድ ክልእኽ ምኺኑ ምስ ሰምዑ፡ ንመንኮርኮር ቁጠባ ኤርትራ ክውንጨፍ ዝድርኽ ሓደ ረቛሒ ስለዝኾነ ንምዕንቃጹ፡ ርእሰ ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ዝፍጽሙ ግብረ-ሽበራውያን ባእታታት ብምልኣኽ ናይ ተስፋ ምቑራጽ ፈተነታት ካብ ምክያድ ኣይተቖጠቡን።

**ሻሙናይ:-** ኤርትራ ንነብሳ እትከላኸለሉ ዓቕሚ ምእንቲ ከትስእን ዘኸኣሎም ጻዕሪ ኣካይዶም። ባይቶ ጸጥታ፡ ው.ሕ.ሃ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ኤውሮጳዊ

ሕብረትን እናረኣዩን እናሰምዑን ነቲ ብኢትዮጵያ ተጎቢጡን ዋላ ድሕሪ 13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ብይን ኮሚሽን ዶብን ብ17 ጥሪ 2008 ብኮሚሽን ምምልካት ዶባ ኣብ ካርታ ምምልካቱ ገና ተታሒዙ ዘሎን ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ንኸይምለስ፡ እቲ ውዲት ገና ይቕጽልዎ ኣለዉ።

መበገሲን ትሕዝቶን ድሕረ ባይታን ናይቲ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ዘውጽኦ ውሳነ ቁ.1907 እምበኣር እዚ እዩ። ዕላማታት ናይ’ቲ ውሳነ ንምፍላጥ ዝሕግዝ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ድሕረ-ባይታ ከኣ እዚ ዝገለጽናዮ’ዩ ነይሩ።